VARBERGS KOMMUN

# ትምህርቲ ኣባጽሕ ኣብ ቫርበርይ

## ጠቓሚ ሓበሬታ

ኣብዚ ብዛዕባ ከመይ ጌርካ ሓደ ትምህርቲ ከም ትደሊ ወይ ትምህርትኻ ክንደይ ግዜ ከምዝወስደልካ ሓበሬታ  ትረክብ።  መልሲ ናይ ሕቶታትካ እንተ ዘይረኺብካዮም ወይ ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ኣማራጺታት ክትመያየጥ እንተ ደሊኻ፡ ናይ ትምህርትን ሞያን ምኽሪ እውን ነወፊ ኢና።

## መን ንናይ ኣባጽሕ ትምህርቲ ከመልክት ይኽእል?

ኵሉ ኣብታ ካልኣይ ክፋል ናይታ ዓመት 20 ዓመት ዝመልአ ሰብ ንናይ ኣባጽሕ ትምህርቲ ከመልክትይኽእል። ትሕቲ 20 ዓመት ክንስኻ፡ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ዝወዳእካሉ ምስክር ወረቐት ወይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ከም ዝተመሃርካ መረጋገጺ ወረቐት እንተ’ለካ ኾይኑ፡ንናይ ኣባጽሕ ትምህርቲ ከተመልክት ትኽእል ኢኻ።

## ኤስኤፍኢ - ትምህርቲ ሽወደንኛ ንወጻእተኛታት

ኣብ ትምህርቲ ሽወደንኛ ንወጻእተኛታት (sfi) መባእታዊ ፍልጠት ናይ ቋንቋ ሽወደንኛ ትረክብ። ምዝራብ፣ ምንባብን ብሽወደንኛ ምጽሓፍን ትመሃር። ከምኡ’ውን ነቲ ቋንቋ ኣብ መዓልታውን ናይ ስራሕ ሂወትካን ንምጥቃም ትለማመድ።  ትምህርቲ ምስ ወዳእካ ምስክር ወረቐት ይወሃበካ። ኵሉ ትምህርቲ ብነጻ እዩ። **ብተወሳኺ ብዛዕባ ኤስኤፍኢ ኣብ ገጽ 2 ኣንብብ**

## ናይ ትምህርትን ሞያን ምኽሪ

ማእከል ትምህርትን ሞያን ኣብ ቫርበርይ፡ ብዛዕባ ናይ መጻኢ ግዜ ትምህርትኻን ናይ ስራሕ ሂወትካን ዘለዉኻ ሕቶታት ንኽምልሰልካ ተባሂሉ ዝቖመ እዩ። መደብ ትምህርትኻ ኣብ ምውጻእ እውን ክሕግዙኻ ይኽእሉ እዮም። ኣብ ዩኒቨርሲቲ ወይ ኮለጅ ናይ ምቕጻል መደብ እንተ’ለካ ኾይኑ፡ እቲ ዘድሊ ዓይነት ትምህርቲ ምምራጽ ኣገዳሲ ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣብ ናይ ትምህርትን ሞያን ማእከል፡ ውልቃዊ ናይ ትምህርቲ መደብ ኣብ ምውጻእ እውን ሓገዝ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

ብዛዕባ ናይ እቲ ምልክታ ወይ ብቕዓት ሕቶታት እንተ ኣለካ ኾይኑ፡ ኣብ ዝኾነ ግዜ ምስ ናይ ትምህርትን ሞያን ማእከል ርክብ ክትገብር ትኽእል ኢኻ። **ብተወሳኺ ብዛዕባ ናይ ትምህርትን ሞያን ምኽሪ ኣብ ገጽ 3 ኣንብብ**

POSTADRESS
Vuxenutbildningen I Varberg
432 80 Varberg

BESÖKSADRESS
Otto Torells gata 16 C
432 44 Varberg

WEBB
info@vuxenutbildningen.varberg.se
www.vuxenutbildningen.varberg.se

# ኤስኤፍኢ- ሽወደንኛ ንወጻእተኛታት

ኣብ ኤስኤፍኢ- ትምህርቲ ሽወደንኛ ንወጻእተኛታት መባእታዊ ፍልጠት ናይ ቋንቋ ሽወደንኛ ትረክብ። ምዝራብ፣ ምንባብን ብሽወደንኛ ምጽሓፍን ትመሃር። ከምኡ'ውን ነቲ ቋንቋ ኣብ መዓልታውን ናይ ስራሕ ሂወትካን ንምጥቃም ትለማመድ። ትምህርቲ ምስ ወዳእካ ምስክር ወረቐት ይወሃበካ። ኩሉ ትምህርቲ ብነጻ እዩ።

## መን እዩ ኤስኤፍኢ ክመሃር ዝፍቀዶ?

- ኣብ ናይ ቫርበርይ ኮሙን ህዝባዊ መዝገብ ዝተመዝገብካ (ተቐማጢ ቫርበርይ ኮሙን ዝኾንካ)።
- 16 ዓመት ዝመላእካ (ካብ 1 ሓምለ ናይታ ዓመት)
- መባእታዊ ፍልጠት ናይ ቋንቋ ሽወደንኛ ዘይብልካ።

ዜጋ ናይ ኤውሮጳዊ ሕብረት/ኤውሮጳዊ ቍጠባዊ ኮም ወይ ዜጋ ናይ ስዊዘርላንድ እንተ ኾንካ፡ መሰል መንበሪ (ንስራሕን ትምህርትን) ክህልወካ ኣለዎ። ከምኡ'ውን ነባሪ ቫርበርይ ኮሙን ክትከውን ኣለካ።

## መርመራ

ኣብ ኤስኤፍኢ ንምምሃር ዝጥለብ ተማልእ እንተ ኾንካን ኣብ ቋንቋ ሽወደንኛ ኣቐዲሙ ፍልጠት እንተ'ለካ ኾይኑን፡ መርመራ ናይ ምግባርን ኣብ ትምህርቲ ከይተሳተፍካ ፍልጠትካ ናይ ምምርማርን ዕድል ኣሎ። ዋላውን ኣቐዲሙ ምስኽር ወረቐት ናይ ክፋላት ትምህርቲ ኤስኤፍኢ ተዋሂቡካ ይንበር፡ እዚ መርመራ ክትገብሮ ክፍቀደካ ይክእል እዩ። ንዓኻ ኤስኤፍኢ ትምሃር እዚ መርመራ ብነጻ እዩ።

## ሰዓታት ትምህርቲ

ኤስኤፍኢ ሓደ ተዓጻጻፊ ትምህርቲ ስለ ዝኾነ ነቲ ትምህርቲ ምስ ስራሕ፣ ልምምድ ስራሕ ወይ ካልኦት ትምህርትታት ከተወሃህዶ ትኽእል። ሓደ ሓደ ኤስኤፍኢ ዝምህሩ ኣብያተ ትምህርቲ ናይ ጽዑቕን ትምህርቲ-ብርሕቀትን ኮርሳት ዕድል ይህቡ። ፍሉይ ምኽንያት እንተ'ለካ ኾይኑ፡ ንኣብነት ኣብ ሰሙን ገለ መዓልታት ትሰርሕ እንተ ኾንካ፡ ሓደ ንዓኻ ዝሰማማዕ መደብ ክወሃበካ ይኽእል እዩ።

ኣብ እዋን ቀትሪ እንተ ኼንካ ኤስኤፍኢ ትምሃር፡ ኣብ ሰሙን ኣስታት 15 ሰዓታት ትመሃር። ምሸታዊ እንተ ኼንካ ትምሃር፡ ኣብ ሰሙን ኣስታት 6 ሰዓታት ትመሃር።

## ክፍሊት

ትምህርትን ነቲ ትምህርቲ ዘድልዩኻ መጻሕፍትን ብነጻ ይወሃቡኻ። መዝገበ ቓላት፣ ብርዕታትን ጥራዝን ባዕልኻ ትገዝኦም። ኣብ ኤስኤፍኢ ክትመሃር ከለኻ ቁጠባዊ ሓገዝ ትምህርቲ ክትሓትት ኣይትኽእልን ኢኻ።

## ምልክታ

ንሓበሬታን ምምልካትን ንሓለቓ ቤት ትምህርቲ ኤቫ ሪስ ብ 0340-69 70 78 ወይ ብመንገዲ ኢመይል lynn.balheden@varberg.se ርኸባ ወይ ብኣካል ብጽሓያ።

ሽወደንኛ፣ እንግሊዝኛን ጀርመንኛን ንዛረብ።

# ናይ ትምህርትን ሞያን ምኽሪ

ናይ ትምህርትን ሞያን ማእከል ሓደ ነብሱ ዝኸኣለ ንኣብ ቫርበርይ ኮሙን ዝቕመጡ ኵሎም ኣባጽሕ ማእከል ምኽሪ እዩ። ኣብ ካልኣይ ደርቢ ናይ ሰ-ሁሰት ኣብ ካምፑስ ቫርበርይ ትረኽበና። ብዛዕባ ትምህርትን መጽናዕትን ሕቶታት እንተ ኣለካ ኾይኑ ምሳና ርክብ ክትገብር ትኽእል። ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታትና ኵሉ ግዜ እንተ ወሓደ ሓደ ናይ ትምህርትን ሞያን ኣማኻሪ ኣብ'ቲ ኵሉ ሰብ ክሳተፎ ዝኽእል ንጥፈታት ኣሎ። ብቑልጡፍ መልሲ ክትረኽበሎም ትደሊ ሕቶታት እንተ ኣለዉኻ ኾይኖም ሓበሬታ ብመንገዲ ኢንተርነት ክትረክብ ዝሓሸ እዩ።

ሽወደንኛን እንግሊዝኛን ንዛረብ።

ናይ ስራሕ ሰዓታትናን ናይ ተለፎን ግዜን ኣብ www.studera.varberg.se ትረኽቦ።

ብደሓን ምጻእ!


POSTADRESS
Vuxenutbildningen I Varberg
432 80 Varberg

BESÖKSADRESS
Otto Torells gata 16 C
432 44 Varberg

WEBB
info@vuxenutbildningen.varberg.se
www.vuxenutbildningen.varberg.se